# *ሓገዝ ንመራሕቲ ስድራ!*




*ብሓገዝ ዝተውሃበ ዘመናዊ እቶን*

ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ንመራሕቲ ስድራ ነበርቲ ጣብያ ዓዲ ኣዝመራ ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ዘመናዊ እቶን ብ18-10-2009 ዓም ኣብ ጣብያ ዓዲ ኣዝመራ ንልዕሊ 500 ወገናት ሓገዝ ገይሩ። እዚ ዓይነት እቶን ኣብ ምክልኻል ብርሰት ኣግራብ ርኡይ ኣበርክቶ ዘለዎ፣ ብውሑድ ዕንፀይቲ ዝሰርሕ ኮይኑ ኣብ ምቑጣብ ግዘ ልዑል ረብሓ ዘለዎ እዩ። ሕብረተሰብና ሰኣን ዘመናዊ እቶን ዕንፀይቲ ኣብ ምእራይ ዘጥፈኦ ዝነበረ ግዘ ኣዝዩ ዝንክየሉ እዩ። ከምዚ ዝበለ ውፅኢት ቴክኖለጂ እንትንጥቀም ኣብ ኩለ መዳይ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ምውስዋሳትና ዓብዪ ኣበርክቶን ምዕባለን ከምዝህልዎ ይእመን።

ዕላማ እዚ ሓገዝ ኣብ ምክልኻል ብርሰት ኣግራብ ኣበርክቶ ንምግባር ዝዓለመ ኮይኑ ልዕሊ 200ሽሕ ብር ወፃኢ ብምግባር ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ዓዲጉ ኣበርኪቱሎም እዩ።




*መራሕቲ ስድራ ዘመናዊ እቶን እንተወሰዱ*

ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ወኪሎም ንቤት ፅሕፈት ማይን ፈሳስን ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ዘረከቡ ሓላፊ መምርሒ ኳርን ኣውቶ ጋራዥን ኣይተ ፍስሃ ኣድሓኖም ኣብ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ ኣብ ከባቢና ዝረኣይ ዘሎ ብርሰት ኣግራብ ኣብዚ ሕዚ እዋን እናተመሓየሸ እንተኾነ'ውን እዚ ቀፃልነት ክህልዎ ሕብረተሰብና መማረፂ ቴክኖለጂ እንትቐርበሉ ምኻኑ ገሊፆም። ከምዚኦም ዝበሉ መማረፅታት ቴክኖለጂ ኣብ ኩሉ ገባር ክኣትውን ኣብ ረብሓ ክውዕልን ኣለዎ ኢሎም። ከምዚኦም ዝበሉ እታዎታት ብኣንፃር ወፃኢ እንተርእይናዮም'ውን ኣዝዮም ዝወሓዱ እዮም። እቲ ንምእራይ ዕንፀይቲ እነጥፍኦ ግዘ ገዲፍና ብባህላዊ እቶን እንጥቀሞ ዕንፀይቲ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ፣ እዚ እቲ ኣብ ተፈጥሮና ዘብፅሖ ዘሎ ፅልዋ እንከይሓወስና እዩ። እዚ ዓይነት ቴክኖለጂ ግና ብውሑድ ዕንፀይቲ ተጠቂምና ግዜና ብኣግባብ ክንጥቀመሉ ከምእንኽእልን እቶትና ክነድንፍዕ ከምዝሕግዘን ኣብሪሖም።

ሓገዝ ዝተገበረሎም ገባራት'ውን ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ንዝገበረሎም ሓገዝ ልዑል ምስጋና ኣቕሪቦም። ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ቅድሚ ሕዚ'ውን ኣብዚ ከባቢ ይኹን ኣብ ካልኦት ከባብታት ዝተፈላለዩ ሓገዛት እናበርከተ ከምዝመፀ ይፍለጥ።




*ገባራት ሀያቦም ፅዒኖም እንትኸዱ*